ናይ መጠንቀቕታ ምልክት ”ሀሳ ፍረድሪክ” (Hesa Fredrik) ከድምጽ እንከሎ እንታይ ከምእትገብር ትፈልጥ’ዶ?

ክትፈልጦም ዘድልዩኻ ኣርባዕተ ዝተፈላልዩ ምልክታታት ኣለዉ።
እቶም ምልክታታት መጀመርታ በዓል ዘይኮነ ሰኑይ ኣብ ኣዋርሕ መጋቢት፡ሰነ፡ መስከረምን ታሕሳስን ሰዓት 3፡00 ድ.ቀ. እዮም ዝፍተኑ።

**መጠንቀቕታ 1**
ኣሓሓ፡ ኣገዳሲ ሓበሬታ ንሓፈሽ
(እቲ ምልክት 7 ሰከንድስ የድምጽ ካብኡ ብ14 ሰከንድስ ስቕታ ይስነይ)
ኣሓሓ ኣብ ግዜ ሓደገኛ ዝኾነ ትፋእ ብቐልጡፍ ንምጥንቃቕ፡ ባርዕ ወይ ጽንኩራት ሓደጋታትን ኣጋጣሚታትን ይዝውተር።

ኣብ ግዜ ምልክት፡
* Gåናብ ውሽጢ ገዛ እተው፡ መዓጹን መሳኹትን ዕጸው።
* ንናይ ሽወደን ረድዮ ስማዕ፡ መሰመር T4፡ ወይ ኣብ ናይ ሽወደን ተለቪዥን ጽሑፍ፡ ኣብ ግጽ 599፡ ወይ ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ krisinformation.se ኣንብብ።
* ወይ 113 13 ደውል (ኣብ ግዜ ብርቱዕ ሓደጋታት ወይ ቀውስታት ኣብ ሕብረተሰብ ናይ ሓበሬታ ቁጽሪ)።

**መጠንቀቕታ 2**
ናይ ነፋሪት መጠንቀቕታ
(እቲ ምልክት ብሓጸርቲ ምልክታት ዝቖመ ሓደ ደቒቕ እዩ)
እቲ ናይ ነፋሪት መጠንቀቕታ ናይ ነፋሪት ወይ ካልእ መጥቃዕቲ የጠንቅቕ።

ኣብ ግዜ ምልክት፡
* ኣብ ናይ ዑቕባ ክፍሊ ወይ ናብ ካልእ ናይ ዑቕባ ቦታ ተቓላጠፍ።
* ምሳኻ እትማለኦ ሓደ ናይ ቀውሲ ሳጹን ቀርብ።
* ናይ ቀውሲ ሳጹን ንኣብነት ምግቢ፡ ኮቦርታ፡ ብባትሪ ዝሰርሕ ፋኑስን ራድዮን፡ ሽምዓን ክርቢትን፡ ኣገደስቲ ቁጽሪ ስልኪታት ዝሓዘ ዝርዝርን፡ ባትሪታትን ጥረ ገንዘብን ክሕዝ ይኽእል።

**መጠንቀቕታ 3**
ናይ ድልውነት መጠንቀቕታ
(እቲ ምልክት ን30 ሰከንድስ የድምጽ ካብኡ ብ15 ሰከንድስ ይስነይ)
ናይ ድልውነት መጠንቀቕታ ናይ ውግእ ሓደጋ የጠንቅቕ።

ኣብ ግዜ ምልክት፡
* ራድዮ ስማዕ።
* ገዛ ንኽትገድፍ ተዳለው።
* ናይ ዑቕባ ክፍሊ ኣበይ ከምዝረከብ ተወከስ።
* ናይ ግዜ ውግእ ምዱባት ሰብ ብቕልጡፍ ናብ ቦታ ክኸዱ ኣለዎም።

**መጠንቀቕታ 4**
እቲ ሓደጋ ሓሊፉ
(ምልክት ን30 ሰከንድስ የድምጽ)